# ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ሰለስተ ውድባት ኮንፈረንስ ተሳሊጡ

ሓባራዊ ዜናዊ ኣካል
01.11.2009

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከቡ ኣባላት ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራን ብ 1 ሕዳር 2009 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ሓደ መዓልቲ ሓባራዊ ኮንፈረንስ ኣካይዶም። ኣብ መኽፈትን መዕጸውን እዚ ኮንፈረንስ ብጻይ ኣድሓኖም ገብረማርያም ኣባል ሓባራዊ መሪሕነታዊ ኮሚተ መደረ ኣስሚዑ። ንሱ ኣብዚ መደርኡ ኣድላይነትን ኣገዳስነትን ሓድነት ናይተን ውድባት ብሰፊሑ ዳህሲሱ።



ምስዚ ኣተሓሒዙ ድማ እዚ ሓድነት ይጅመር ከም ዘሎ ገሊጹ፡ ኣብቲ ዝድለ ዓወት ንምብጻሕ ካብ ኣባላት ናይቲ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ዝምስረት ሰልፊ ከቢድ ናይ ቃልሲ ኣስተዋጽኦ ትጽቢት ከም ዝግበር ሓቢሩ። ብጻይ ኣድሓኖም ብምስማር ዝርከብ ጸጋታትን መኸሰባትን ምስ ገለጸ እቲ ስምረት በዘን ሰለስተ ውድባት ዝድረት ዘይኮነስ ንካላኦት ቅሩባት ዝኾኑ ኤርትራውያን ወገናት'ውን ክፉት ምዃኑ ኣመልኪቱ። ብጻይ ኣድሓኖም ካብ መጻኢ ዕማማት ናይቲ ዝምስረት ሰልፊ ሓላፍነታት ንኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ምሕያልን ምስ ኣባል ውድባቱ ዘሎ ዝምድናታት ምድልዳል ምዃኑ ገሊጹ።

ንሱ ኣስዒቡ እዚ ቃልሲ መንእሰያት እንተዘይተሳቲፈምዎ ክዕወት ከም ዘይክእል ጠቒሱ፡ ነዚ ዝጅመር ዘሎ ሓድነት ኣብ መዓርፎኡ ንምብጻሕ ንመንእሰያት ዝጽበዮም ሓላፍነት ከቢድ ምዃኑ ኣመልኪቱ፡

እቲ ዝምስረት ሰልፊ ቆላሕታ ካብ ዝህቦም ብዙሓት ጉዳያት ምዕዛዝ ተሳትፎ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ምዃኑ ብሰፊሑ ሓቢሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ መስርሕ እዚ ሓድነት በቲ ዝድለ ኣገባብ ኣብ ዓወት ንምብጽሑ ብሰለስቲኡ ውድባት ቅሩብነት ከም ዘሎ ኣረጋጊጹ።



ናይዚ ናይ ሓደ መዓልቲ ኣባላት ሰለስቲኡ ውድባት ዝተሳተፍዎ ኮንፈረንስ ኣጀንዳ ነቲ ናብ መስመሪ ኮንፈረንስ ዝቐርብ ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ቅዋምን ምምይያጥን መወዳእታ መስርሕ ሓድነት እንታይ ከም ዝመስል ምንጻርን እዩ ነይሩ። በዚ መሰረት እቶም ተሳተፍቲ ነቲ ዝቐረበ ንድፍታት በብዓንቀጹ ተመያይጦም ኣድላዪ ዝበልዎ መተሓሳሰብታት፡ ለበዋታትን ተወሳኺ ሓሳባት ብምቕራብ ብምሉእ ስምምዕ እቲ ንድፊ ናብቲ ናይ መወዳእታ ኣኼባ ንክቐርብ ተሰማሚዖምሉ። እቶም ተሳተፍቲ ነቲ ንድፍታት ምጽዳቕ ጥራይ ዘይኮነ ናይ መወዳእታ መልክዑ ሒዙ ምስ ጸደቐ'ውን ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ዘለዎም ቅሩብነት ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣረጋጊጾም።